# ኣገዳስነት ትምህርቲ HVI/AIDSን ኣቕዋም ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን

Jonathan Mann said: ***"Many times that the way we define a problem will determine what we do about it"***. Thus in the face of HIV/AIDS, he defined the problem not only ***"as a terrible viral disease, but as a social problem to be solved".***

ንHIV/AIDS ከም ማኅበራዊ ጸገም (social problem) ምርኣዩ ሓደ ኣዚዩ መሠረታዊ ነገር ኢዩ። ናይ ግለ ሰባት ጸገም ኣይኮነን ናይ ምሉእ ሕብረተሰብ ጸገም'ዩ። እዚ ብዘይ ምርዳእ ኢዩ ከኣ እቶም ዝተለክፉ ሰባት ካብ ሕማም ንላዕሊ ብብዙኅ ማኅበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን ምግላል (marginalization) ዝከፍኦም። እዚ ከኣ ኣንጻር'ቲ "<u>ቊስሉ ዝሓብእ ፈውሱ ይሓብእ</u>" ዝብል ምስላ ኣቦታት ክከይድ ይርከብ።

ስለ'ዚ ኣብ ትምህርትና ክነተኵረሉ ዘሎና ሓያሎ ፍረ ድንቀ፡ርናን ባህላውን ካልእን ዝኮነ ጸገማት ኣሎ።

ንኣብነት፡-

<u>ቀዳማይ</u> <u>ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ፡-</u> ዝኣክል ስልጣንን ናይ ርእሰ ምክልካል ዓቕምን ዕ ድልን የብለንን፡ ኣብ ብዙኅ ሃገራትን ክፍሊታት ኅብረተሰብን፡ ማኅበራዊ፡ ሃይማኖታዊ ጸቕጢታት ኣለወን። እዚ ከኣ ንሓደገ ዝኮነ ጾታዊ ርክባት ከቃልዔንን ኣብ ሓደጋ ከውድቕንን ይርከብ።

ኣብ ዩኒቨርሲታት፣ ኣብ ወተሃደራዊ ጽፍሕታትን ካልእ ናይ ሥራሕ ኮነ ሥድራ ቤታዊ ጽፍሕታት'ውን ርእሱ ዝከኣለ ጸገማት ከም ዘሎ ብብዙኃት ክኢላታት ክጥቀስ ይስማዕ።

ካልኣይ - ብሃይማኖታዊ ስክፍታን፣ ብመራሕቲ ሃይማኖት ዝመጽእ ጸገምን'ውን ኣሎ። ምስ ጊዜ ዘይስጉም ኣረጊት ኣተሓሳስባታት ሒዝካ፡ ብንጹር ርትዕን ፍቕርን ንክብርን ዕቤትን ደቂ ሰባት ዝኅደሎ ኣቀራርባታት ምርኣይ፡ ናይ ቤተ ክርስትያን ወይ ካልእ ሃይማኖታት ዕላማ'ዩ ክበሃል ኣይከኣልን።

በዚ መሠረት ሓንቲ በዓልቲ ኪዳን ሰብኣያ ምስ ተበከለ፡ በቲ ኪዳናዊ ውዕሊ ተቐዪዳ፡ ብኃይሊ ጾታዊ ርክብ ክትገብር ክትግደድ፣ ሰብኣያ ብዘይ መከላከሊ ጾታዊ ርክብ ክትገብር ምስ ዝሓታ፤ ንቤተ ክርስትያና ክትውክስ ምስ መጸት፤ ንሕይወት እታ ሰበይቲ ኣብ ግምት ዘየእቱ ሞራላዊ መምርሒ ምክታል እዋኑ ኣይኮነን። በዚ ሃይማኖታዊ ሕግብግብ፡ ደቂ ኣንስትዮ ክግፍዓ ድላይ እግዚኣብሔር ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። እዚ ነገራት እዚ ካብ'ቲ ኮንዶም ንኩሉ ፍቑድ'ዩ ዝብልን፡ ምዕዳል ኮንዶም ምትብባዕን፡ ኣዚዩ ዝረሓቐን ዝተፈለን ነገር ኢዩ።

ሣልሳይ - እቲ መሠረታዊ ሃይማኖታዊ መትከላት ክከብር ኣለዎ። ብጊዜያዊ ጸገማት መሠረታዊ ናይ እምነት መምርሒታት ክጠሓስ የቢሉን። ስለ'ዚ እቲ ኣገዳሲ ካቶሊካዊ ሞራላዊ መምርሒ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ የቢሉን። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ኩነታት ሕሙማን ኣብ ግምት ዘየእተወ ምክባር ሕግን፤ ልዕሊ ዓቕሚ ሰብ ዝኮነ ጽዕነት ክስከሙ ምሕታትን ድላይ እግዚኣብሔር ኢዩ ክበሃል ከም

ዘይከኣል ምግንዛብ። እዚ ግን ብግልጺ ተጸኒዑ ኣየናይ ኢዩ እቲ ልዕሊ ዓቕሚ ሰብ ዝኾነ፤ ኣየናይ ኢዩከ እቲ ዘይኮነ ተመሚዩ ክከኣል ኣለዎ።

*ራብዓይ -* ዓይኒ ሰብ ምፍራህ ***(Stigma and discrimination)*** ሓደ ኣዚዩ ሓደገ ነገር'ዩ።

ሓደ ኣቡን ኣብታ መንበሮም ዘለዋ ዝነብሩላ ከተማ፤ ሓደ ቆሞስ ንሓንቲ ኤች ኣይቪ ዝሓመመት ሰበይቲ ምብጻሕ ከም ዝኣበያ ምስ ፈለጡ፤ ባዕሎም መዓልቲ መዓልቲ ከበጽሕዋ ጀሚሮም። ኣብ ሞንጎ ግን እታ ሰበይቲ ስለ ዝሞተት፤ እቶም ኣቡን ቀብራ ባዕለይ ኢየ ዝመርሖ፤ ኣብ ካቴድራል ኢዩ ከኣ ዝፍጸም፤ ብማለት ብግብሪ ንሰበካኦምን ንካህናቶምን ሓደ ዓብይ ኣብነትን ትምህርትን፡ ናይ ቤተ ክርስትያን መትከልን መስከሩ ይበሃል።

ሓደ ካህን ኣብ ስብከቱ፡ *“ብዙሳ ጊዜ ትእዛዛት እግዚኣብሔር ኣክብሩ ኢልናኹም ግን ክትሰምዑና ስለ ዘይከኣልኩም እኒሆ እዚ መቕዘፍቲ እዚ ወሪዱኩም። እንተትሰምዑና እዚ ኩሉ ኣይምበጽሐን”።* እዚ ካህን ዝብሎ ዘሎ ኣዘራርባ ኣዚዩ ጊጉይን ንመትከል ቤተ ክርስትያን ዘየንጸባርቕ፤ እንታይነት HIV/AIDS ዝመጸሉ ኣገባብንውን ንጹር ርኢቶ ዘይብሉ፤ ኣዕናዊ ፈራዲ፡ ኮናኒ ዝኮነ ኣገባብ ኢዩ። ኢየሱስ ኣብ ኣቐራርባኡ ልዑል ስክፍታን ክንክንን ክብርን ናይቲ ሕሙም ዘለዎ ኣገባብ ኢዩ ዘርኣየና። እዚ ጊጉይን ኮናንን ዝኮነ ኣገባብዚ ብኩሉ ጎድኒ ኣዕናዊ ኢዩ። ንዝያዳ ፍርሀን ምቕባእን ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ሕይወት ምንባር ዘተባብዕን ዘይወንጌላዊ ኣገባብ ኢዩ።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃውን ሓንቲ ሰበይቲ ብግልጺ ብዛዕባ AIDS ምሕማማን፡ ሕዝቢ ካብዚ ሕማምዚ ክሕሎን፡ ንሕሙማት ክግደሰሎምን ክትዛረብ ምስ ጀመረት ቤተሰባ ከም ዝቐጥቀጥዋ ይውረ።

ኣብ ዝተፈላለ ባህልታትን ሃይማኖታትን ዘለዎ ኅብረተሰባት፣ ንፍሉይ ነገራት ኣክቢርካን ተቐቢልካን ዘይምክኣል ሓደገ ሳዕቤናት ኣለዎ። እዚ ሰብ'ዚ እዚ ሕማም'ዚ ኣለዎ ምስ ተባህለ፡ ድሮ ብማዕዶ ምንጻጉን፣ ምፍራዱን ነቲ ሰብ ንክሕባእን፣ ከይፍለጥ ብዘርእዮ ምሕባእ ከኣ ነቲ ጸገሙ ዝያዳ ጉድኣት ከስዕብ ዕድል ምሃብን የስዕብ። እዚ ናይ ፍርሂ መንፈስ ምቕባእን ብቕንዕና ዘይምካድን ይፈጥር። እቲ ሕሙም ምእንቲ ከይፍለጥ ናብ ሕክምና ኣይከይድን፤ ዘድሊ መድኃኒት ኣይወስድን በዚ ከኣ ንባዕሉ ዕድመኡ የሕጽር ንክልእውን ይልክም። ስለ'ዚ ኣብ'ቲ ጸገም ዘሎና ርድኢትን ኣተሓሕዛን ወሳኒ ኢዩ ዝበልናዮ ሓሳብ ዝመስል ኢዩ።

*ሓሙሻይ-* ንሕፃናት ምክልካል ዝብል'ውን ንዝተወልዱ ይኩን፣ ኣብ ጽንሲ ንዘለዉ ክግበር ዝግብኦ ብዙሳ ሓጋዚ ክንክናት ስለዘሎ፣ ነዚ'ውን ብዕቱብ ምሓዙ የድሊ። ብፍላይውን ዘካትም ዝገጥሞም ጸገም ኣዚዩ ብዙህ ብምካኑ ዘድሊ ቆላሕታ ክግበረሎም ይግባእ።

MC Donagh Kelly — መንግሥቲ ኣምላክን ዕድመኡን ዝብል ኣርእስቲ What may lie before us.

# ትምህርቲ ቤተ-ክርስትያንን ኩነታት HIV/AIDSን

***"The Challenge is to love as God loves us, <u>without distinction</u>, <u>without limit</u>, for he loves those of you who are sick, those suffering from AIDS"*** (John Paul II, Address to *Catholic Health Association*, Phoenix, Arizona September 17, 1987)

*ስለዚ "እቲ ብድሆ ከምቲ ኣምላኽ ዘቅረና ጌርካ <u>ብዘይ ኣፈላላይን፥ ብዘይ ደረትን</u> ምፍቃር ኢዩ"።*

ከምዚ በዓል ጥዑም ዜና ኣቦና ዮሓንስ ጳውሎስ ካልኣይ ድሮ ኣብ ምጅማር እዚ ቀዛፊ ሕማምዚ ዝጀመረሉ እዋን ዘሚሮም፤ መልእኽቲ ፍቕርን መልእኽቲ ተስፋን ኢዮም ዘመሓላልፉ ዝነበሩ፤ ቤተ ክርስትያን ወትሩ ኣተና ክርስቶስ መምህራን ኅሳኣን ኢያ እትክተል። እንተኾነ ብዙኃት ደቃ ውን ነዚ ክዝንግዑ ዝተረክቡ ኣይተሳእኑን። ባገባብ ናይቶም ዝንጉዓት ክፍረድን ክትውቀስን ከኣ ኣይግባእን።

ኣብነት ሓንቲ ኣይረሽ ፈላሲትን ዘሕለፊቶ ቃልስን ነዚ የንጸባርቕ።

ኣብ ኩነታት HIV/AIDS ምስ ተረከብካ ቀንዲ ዕላማካ እንታይ ኢዩ?

ብዕዉር ኣገባብ ንትምህርቲ ወይ መምርሒ ምሕላውን ምክልካልንዶ? ወይስ ብዝያዳ ነቲ ኩነትካ ዝምልስ ብሓዲስ ኣገባብ ኣቀራርባ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ኣሎ ኢዩ?

ነዚ ኩነታት'ዚ ንምምላስ እዘን ፈላሲት ኣብ'ዚ ዝስዕብ ኀድንታት ኣተኵረን ክሰርሓ መሪጸን።

1. *ክብሪ ሕልና ወዲ ሰብ*
2. *ኣዎንታዊ ርኢቶ ጾታዊ ርክብ*
3. *ኣብ ሞራላዊ ሕይወት ኩነታትን ዕላማካን ዘለዎ ኣገዳስነት*

## *1. ክብሪ ሕልና ሰብ*

ሓደ ካብ'ቲ ንትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ንዝፍጠር ሓዲስ ጸገማትን ብሓባር ክትሕዝ ዘክእል መሠረታዊ ዝኮነ፣ ቤተክርስትያን'ውን ካብ ጥንቲ እተኽብሮ ነጥቢ፣ *"ንሕልና ነፍሲ ወከፍ ምኽባር"* ዝብል ኢዩ። ማለት ሰብ ኣብ ዓውዲ እምነቱ ኮይኑ፣ ነታ ጉዳይ ብሕልና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ክምልሰላ ምትብባዑ፣ ምኩስኪሱ።

ነዚ ጥንታዊ ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን እተጠቓልል ናይ ጉባኤ ቫቲካን ሓሳብ'ውን ኣላ።

*"ሰብ ካብ ባዕሉ ዝፍልፍል ዘይኮነስ ክእዘዞ ዘለዎ ሕጊ ኣብ ውሽጢ ሕልናኡ ይርከብ። ድምጺ ሕልናኡ ኩሉ ጊዜ ጽቡቕ ክፍቅርን ሠናይ ክገብርን፥ ንሕማቕ ከኣ ክነጽግ ከምዘለዎ ይነግሮ። ኣብቲ ዘድሊ እዋን ድማ 'እዚ ግበር፥ ካብዚ ተከልከል' ዝብል ንጹር ድምጺ ኣብ ኣእዛን ልቦናኡ ይስምዖ። ሰብ ኣብ ውሽጢ ሕልናኡ፥ እግዚኣብሔር ዝጸሓፎ ሕጊ ኣለዎ። ነዚ ሕጊዚ ምሕላው ንወዲ ሰብ ክብሩ ኢዩ። ብኣኡ ኢዩ ድማ ዝፍረድ። ሕልና ናይ ወዲ ሰብ ዝዓሞቐ ምሥጢራዊ ቦታን መቕደስን ኢዩ። ኣብኡ ሰብ ንብሕቱ ምስቲ ኣብ ውሽጢ ልቡ መቓልሕ ድምጹ ዘስምዕ እግዚኣብሔር ጥራሕ ኢዩ ዝዛረብ። ሕልና ነቲ ኣብ ፍቕሪ እግዚኣብሔርን ፍቕሪ ብጻይን*

*ምልኣት ዝረክብን ሕጊ ብዘደንቕ ኣገባብ ይገልጸልና። ክርስትያን ንሕልና ብምእዛዝን ሓቂ ኣብ ምንዳይን፡ ከምኡውን ኣብ ብሕታዊ መነባብሮን ንብረተ ሰብኣዊ ርክባትን ዝፍጠሩ ሞራላዊ ግድላት ኣብ ምፍታሕን ምስ ካልኦት ሰባት ይተሓባበሩ። ቅኑዕ ሕልና ኣብ ዝነግሡ ውልቀ ሰባትን ጉጅለታትን፡ ነቲ ዕዉር ዝኮነ ምርጫኦም ይገድፉሞ፡ በቲ ጭቡጥ ዝኮነ ቅኑዕ ሥነ-ምግባራዊ ሕግታት ንክምርሖ ይጽዕሩ። ሕልና ክብሩ ከየጥፍአ፡ ብምኽንያት እቲ ክውገድ ዘይከኣል ድንቁርና፡ ብዙሕ ጊዜ ይሰሓሓት። እቲ ንሓቅን ሠናይን ንምርካ ብዙሕ ዘይግደስ፡ ወይ ድማ ሕልናኡ ብደረጃ ብልማዳዊ ኃጢኣት ዳርጋ ኣብ ምዕዋር ዝበጽሐ ሰብ ግና በዚ መንገዲዚ ክርእዮ ኣይንክእልን" (ፍሥሓን ተስፋን 16)።*

ሕልና ህያብን ብድሆን ኢዩ። ሕልና እቲ ባህርያዊ ክእለት ናይ ወዲ ሰብ ንምግባረ ሠናይ ኢዩ። ስለ'ዚ ንወዲ ሰብ ብፍላይ ንመንእሰያት ነዚ ልዑል ህያብ'ዚ ክኮስኩሱን፡ ከማዕብሉን ምሕጋዝ የድሊ። በዚ መሠረት ከኣ ብከመይ ቅኑዕን ትርጉም ዘለዎን ውሳኔ ምግባር ክመሃሩ የድሊ። እዚ ከኣ ብኣብነት፣ ብትምህርተ ግብረ ገብነት፣ ብትምህርተ ክርስቶስን ቃል ኣምላክን ምኩስኳሶም የድሊ።

ኣብ ቤተክርስትያን ብዝያዳ ነቲ ትምህርተ ክርስቶስ ወይ ወግዓዊ ትምህርቲ ቤተክርስትያን ፍሉይ ትኩረት ይግበረሉ (?)፣ ነቲ ብዝያዳ ኣብ ዕለታዊ ሕይወቶም ዘድልዮም፣ ንዕለታዊ ውሳኔታቶም ዘድሊ፡ ትምህርታት ናይ ጸታን፣ ካልእ ሰብኣዊ ፍልጠታትን ግን ብዙሕ ትኩረት ኣይግበረሉን።

ካቶሊካዊ ምኳን ማለት ግን ወትሩ ምስ'ቲ ኩሉ ብድሆታት ናይ ሕይወት ብዕቱብ ተዋሲእካ (dialogue) ንዕለታዊ ስጉምትን መሰናክልን ክትፈትሕ ምክኣል ኢዩ። ብብርሃን እምነት ውሳኔታትካ ጌርካ ምክኣል ኢዩ።

ንእምነት ቤተ ክርስትያንካ ብዕቱብ ሒዝካ ምስ ህሉው ኩነትካ፡ ውሳኔታትካ ተዛሚዱ ዝከደሉ ኣገባብ ምንዳይ ኢዩ።

ሕልናን መርጎ ቤተ ክርስትያንን ክፉታሕ የቢሉን። መርጎ ቤተ ክርስትያን በይኑ፣ ሕልናና ዝብሎን ዝገብሮን በይኑ እንተኮይኑ፡ ጸገም ኣሎ። ክንጽር ዘለዎ ነገራት ኣሎ። ዝገደደ ከኣ ተጋራጫዊ መሲሉ ዝረኣየሉ እዋን ኣሎ። እዚ ግን ፍረ ድንቍርናን፡ ዋሕዲ ተጸምዶን እምነትን፣ ዝገደደ ከኣ ጭካኔ ሰባትን ጥራሕ ኢዩ ዘንጽር። ብሰንኪ'ዚ ከኣ ኣብ ሞንጎ ብዝያዳ እቶም ዝከበደ ጾር ዝስከሙ ዘለዉ ዝያዳ ጾር ክውስኩ ይርከቡ። እቶም ገና ኣብ'ቲ ጉዳይ ብጥልቀት ዘይኣተዉ ከኣ ከም ሓለው'ቲ እምነት ቤተክርስትያን ኮይኖም ክረኣዩ ይፍትኑ። ሓቍ ግን ብኣንጻሩ ኢዩ።

## *2. ኣዎንታዊ ግምት ርክብ ግብረ ሥጋ*

ብዙኃት ቤተ ክርስትያን ብዛዕባ ጾታ ኣሉታዊ ርድኢት ዘለዋ ጌሮም ይግምቱ። *"ኣይትግበር"* ዝብል እምበር ካልእ መምርሒ ዘይብላ ጌሮም ዝግምቱ ኣለዉ። በዚ ከኣ ብፍላይ መንእሰያት ንጾታዊ ርክብ ብፍርህን ብኣሉታዊ ስምዒትን ዝርእ ጌሮም ይግምቱ።

ነቲ ቀንዲ ኣዎንታዊ ዝኮነ ጕድኒ ዘድምቕ ዘረድእ ይውሕድ። ቤተ ክርስትያን እግዚኣብሔር ንሰብ ብኣርኣያኡን ብምስሉን ኢዩ ፈጢሩዎ። ብዝሑ ተባዝሑ ኢሉ'ውን ባሪኩዎ። ጽኑዕ ኪዳናዊ ፍቕራዊ ሕይወት ክነብር ከኣ ተባዕታይን ኣንስታይን ጌሩዎ። እዚ ርክብ ሰብኣይን ሰበይትን ቅዱስን መደብን ድላይን ፈጣርን ብምኳኑ፣ ዕቤቱ ምርዳእ የድሊ። ስለ'ዚ ሰብ ብኩሉ ጕድኑ ክቡር ኢዩ። ወላ በቲ ጾታዊ ኣካላዊ ርክቡ ንእግዚኣብሔር ከገልግል'ዩ ተፈጢሩ። ነፍስን ሥጋን ኢልካ ፈላሊካ፣ ነቲ ሓደ ካብ'ቲ

ሓደ ኣዕቢካ ክትርኢ ምፍታን ጎዳኢ ሰብ እምበር ጠቓሚ ሰብ ኣይኮነን፣ ንመደብ ፈጣሪ'ውን ዘክብር ኣይኮነን።

ጾታ ደቂ ሰብ ቅዱስን፣ ዝለዓለ ስነ-ምግባራዊ ተኣማንነቱ ዝገልጸሉ ጐድኒ ሕይወቱን ኢዩ። ኣካልና ሓደ ካብቲ ቀንዲ ምስ ሰባት ዘራክበና ነገር እንተኮይኑ፣ ብዙሕ ስነ-ምግባራዊ ጠለባት ኣለዎ። ክብርን ክንክንን ኣካልና ወላውን ጾታና ተወሳኺ ነገር ኣይኮነን፡ ብዝበለጸ ዘሎና ክብርን ዕቤትን ሰብ እንገልጸሉ ኣገባብ ኢዩ።

ብዙኅ ጊዜ እዚ ኣገዳሲ ጎድኒ እምነት ክርስትና ኣብ ትምህርትና ተጎሲዩ ዝሓልፍ ይመስል። ንጾታውን ኣካላውን ዝርኢ ኩነኔን፡ ካልእ ኣሉታዊ ግምትን ጥራሕ ምሃብ፣ ነቲ ኣዎንታዊ ጐድኒ ትምህርቲ ቤተክርስትያን ምንኣስ ኢዩ ዝፈጥር።

## *3. ኣገዳስነት ህሉው ኩነታትካን ዕላማካን ኣብ ግብረ ገብነት*

ብዙኃት ንናይ ቤተክርስትያን ርኢቶ ብዛዕባ ጾታዊ ሕይወት ከምዘየሓጉሶም ይገልጹ።

ቤተክርስትያን ከም'ዚ ናይ ኩሉ መልሲ ዘለዋ፡ ፍጹም ዝኮነ መርገጺ ዘለዋ ትመስል። ነቲ ገለ ገለ ኩነታት ሰብ ኪዳን ንጽንሲ ምክልካል ኮነ፣ በዓልቲ ኪዳን ካብ HIV/AIDS ዘለዎ በዓል ኪዳና ንምክልካል ዘድሊ ኩነታት ኣብ ሚዛን ዘይተእቱ፣ ኣብ ኩነቶም ዘይትሳተፍን ጨካን መርገጺ ሒዛ ደው እትብልን እትዕዘብን መሲላ ትርአ። እዚ ንብዙኃት ናቶም ጐደናን ምርጫን ክገብሩ ይደፋፍእ፣ ሕማቕ ሳዕቤናት ከኣ ይህልዎ።

ስለ'ዚ ነቲ ህልው ኩነት ኣብ ግምት ዘእተወ ፍታሕን መግለጽን መልስን የድሊ። ንህልው ኩነት ኣብ ግምት ዘየእቱ፣ ነቲ ኣብ ጸገም ዘሎ ጸገሙ ክርዳእ ዘይጽዕር፣ ክርስትያናዊ'ውን ኣይኮነን። ሰንበት ምእንቲ ሰብ እምበር፡ ሰብ ኣይኮነን ምእንቲ ሰንበት ዝተፈጥረ ዝበለ ጐይታ፣ ነቶም ሕሙማት ወላ ብሰንበት ኢዩ ዘሕውዮም ዝነበረ። ቅ.ቪንቸንሶ ዘጳውሊ ንደቂ-ፍቕሪ *"ምእንቲ እግዚኣብሔር ንእግዚኣብሔር ገዲፍክን ኪዳ"* (*Leav God for God*) ዝብል ርኢቶ ነበሮ። እዚ ከኣ ኣብ ቅዳሴ ከለዋ ሓደ ውጹዕ ሕሙም እንተመጺኡ ቅዳሴ ገዲፍክን ናብ'ቲ ውጹዕ ኪዳ ማለቱ ኢዩ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ንጾታዊ ርክብ ዝርኢ ኩነታት እውን ክንጥቀመሉ ኣሎና። ፍቕሪ ልዕሊ ሕጊ ኢያ። እኳ ደኣ ንሕጊ ፍጻሜ እትልብስ ፍቕሪ ኢያ። ስለ'ዚ ንህሉው ኩነታቱን ክብጻሕ ተደሊዩ ዘሎ ዕላማን ተራኢዩ ኢዩ ውሳኔ ዝወሃበሉ። ሓደ ነገር ኣብ ክልተ ዝተፈላለ ቦታታት ዝተፈላለ ውሳኔ ክወሃቦ ይከኣል'ዩ። ምጥቃም ኮንዶም ንዝብል ሕቶ ኣበየናይ ኩነታት ከይበልካ መልሲ ክትህበሉ ዘይከኣል ጉዳይ ኢዩ። ንሰብ ምቕታል ዝፍቀደሉ ኩነት ኣሎዶ? ኢልካ ድኅሪ ሓቲትካ፡ እወ ዝበሃለሉ ኩነት ክህሉ ይክእል'ዩ። ርትዓዊ ውግእ ዝበል ኣሎዶ? ንዝብል ሕቶ እወ ዝበሃለሉ ኩነት ክህሉ ይክእል'ዩ። መኣስ?

ስለዚ እወን ኣይወን ኢልካ ቅድሚ ምውሳን፡ ህልው ኩነታትን ዕላማ'ቲ ክግበር ዝድለ ዘሎን ምጽናዕ (ምግምጋም) ኣገዳሲ ኢዩ።

<u>ንኣብነት</u>፦ ሓደ ጽምዲ ውሑስ ጾታዊ ርክብ ንምግባር ቢሎም ኮንዶም ክንጥቀም ዝብሉን፤
ካልእ ጽምዲ ከኣ ሰበይቲ እቲ ብ HIV ዝተለክፈ ሰብኣያ ንከይልክማ ብማለት ኮንዶም ክንጥቀም ዝብሉን፣ ሓደ ዓይነት ኩነታትን ዕላማን የቢሎምን። እቲ ኩነታት ተጸኒዑ ኢዩ እቲ ውሳኔ ወይ እቲ መልሲ ዝወሃብ።

ስለዚ ተግባርን (*action*)፣ ኩነታትን (*circumstance*)፣ ዕላማን (*intention*) ተጸኒዑ ኢዩ መልሲ ዝወሃቦ። ፍጹም ድሮ ዝተሓንጸጸ መልሲ ናይ ዝኾነ ተግባር የሎን።

እዚ ናይ ተግባር - ኩነታት - ዕላማ ርክብ ኣብ ታሪክ ቤተ ክርስትያን ንብዙኅ ሞራላዊ ጉዳያት ንምፍታሕ ተጠቒማትሉ ቤተክርስትያን፣ ኣብ ጾታዊ ርክብ ምስ በጽሐ ግን ብዙኅ ፍርሒ ዝርአ ይመስል።

ስለ'ዚ ኣብ ጾታዊ ርክብ ዝምልከት ጉዳያት'ውን እዚ ናይ ተግባር - ኩነታት - ዕላማ ናይ ሓደ ተግባርን ንጉዳያት ክልውጥ ይክእል'ዩ። ነፍሲ ወከፍ ምርጫ ብዛዕባ ጾታዊ ርክብ ናታ ፍሉይ ኩነትን ዕላማን ክህልዋ ይክእል ኢዩ። ስለ'ዚ ሓባራዊ ፍርዲ ወይ ኩነኔ ምግባር ግቡእ ኣይኮነን። እዚ ነቲ ሕልክላክ ናይ'ቲ ጉዳይን ጭቡጥ ህልው ኩነት ሕይወትን ኣብ ግምት ዘየእቱ ምኮነ።

ስለዚ ብዙኃት እሙናትን እዙዛትን ደቂ ቤተ ክርስትያን ብጭቡጥ ዝገጥሞም ጸገምን፣ ዝተሓላለኸ ኩነታትን ንሞራላዊ ውሳኔኦም ወትሩ ይብድሆ ኢዩ። ምስ'ቲ ኩሉ'ቲ ጽቡቕ ድላዮምን ቅኑዕ ሕልናኦምን ልዕሊ ዓቕሞም ዝኾነ ኩነታት ከምዘሎ ተረዲእካ ብቐኑዕ መንፈሳዊ ደገፍን መሪሕነትን ምሃቦምን ኣብ'ቲ ክዉን ወይ ውሁብ ኩነቶም ኣቲካ ምውሳእን የድሊ።

ስለ'ዚ ብሓቀ ተዋስኦን ብርኅሩኅ ናይ እግዚኣብሔር ኣቦን እናታዊ ቤተ ክርስትያናዊ ፍቕርን ነቲ ሓቀ ጸገም ርኢካን ተረዲእካን መሪሕነት ምሃብ የድሊ። እዚ ኢዩ እቲ ሓቀ መንፈስ ወንጌል ዘንጸባርቕ።

ኣባ ተኽለሚካኤል ተወልደ
ዘማኅበረ ልኡካን
ኣሥመራ